## ናይ ደገፍ መልእኽቲ ናብ 6ይ ጠቕላል ሃገራዊ ጉባኤ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ

## ቊጽሪ 15. ቃል ዞባ ማእከላይ ምብራቕ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ (ርያድን ጅዳን)



ዝኸብርካ ኣቦ መንበር ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ
ዝኸበርኩም ኣባላት ፈጻሚ ሽማግለ
ዝኸበርኩም ኣባላት ኣሰናዳኢት ሽማግለ
ዝኸበርኩም ኣባላት ጉባኤን ዕዱማት ኣጋይሽን

ኣቐዲመ፡ ብስመይን ብስም መሰረታት ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ዞባ ማእከላይ ምብራቕ (ጨንፈር ርያድን ጨንፈር ጅዳን) ዝለዓለ ናይ ጽንዓት ሰላምታይ ከቕርብ ከለኹ ዝስምዓኒ ደስታን ሓርዓትን ወሰን የብሉን።

ዝኸበርኩም ብጾት፡

እዚ ሎሚ ኣብ በሊሕ መላጸ ረጊጽና እነካይዶ ዘሎና 6ይ ሃገራዊ ጉባኤና፡ ካብ'ቶም ዝሓለፉ ጉባኤታትና፡ ብፍሉይ ኣትኲሮ ክጥመት ዝግብኦ ኢዩ። ምኽንያቱ ከኣ፡ ውድብና፡ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ እቲ ኣብ 2003 ዝተራእየ ኣሰካፊ ሓጐጽጎጻትን ልሙስ ምንጫላትን ሰጊሩ፤ ቀጺሉ ውን፡ ኣብ 2005 ዝተረኽበ ኣሕዛንን ኣቼንዛውን መስዋእቲ ኣቦ መንበርና፡ ስዉእ ስዩም ዑቕባሚካኤል ዝገደፈልና ባዶነት፡ ብጽንዓት መሰረታቱን መሪሕነቱን በዲሁ፥ ኣብ'ዚ ሎሚ እነካይዶ ዘሎና 6ይ ሃገራዊ ጉባኤ ምብጽሑ፡ ብጣዕሚ ዘሕብን ፍረ ቃልሲ ስለዝኾነ፡ ብቐሊሉ ዝግመት ኣይኮነን። ውጽኢቱ ድማ፡ በዚ ሎሚ እነካይዶ ዘሎና 6ይ ሃገራዊ ጉባኤ ክግለጽ ይከኣል።

ዝኸበርኩም ኣባላት ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡

ነዚ ጉባኤ'ዚ ንምዕዋት፡ ካብ ዝተፈላለየ ኲርንዓት ናይ ዓለም፡ ኣብ'ዚ ተወኪልና ዘሎና ኣባላት፥ ሎሚ፡ ነቲ ብሰንኪ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኣስመራ ዝፈጠሮ ጸገም፡ ሃገርና፡ ሕጊ ወይ ቅዋም ኣልቦ ሃገር ኰይና፥ ህዝብና፡ ኣብ ዝኸፍአ ናይ መነባብሮ ኵነታት ወዲቑ ዘሕልፎ ዘሎ ስቅያትን ከርተትን፡ ንነፍስወከፍ ኤርትራዊ ዜጋ ዝበጽሖ ስለዝኾነ፡ መግለጺ ዘድልዮ ኣይኮነን። ስለ'ዚ፡ ነዚ ኢ-ደሞክራሲያዊ ስርዓት'ዚ መኪትና፡ እታ ጽባሕ እነማዕድዋ ሃገርና፡ ኣደ ስርዓትን ሕግን ቅዋምን ኰይና፥ ህዝብና ካብ ዳግማይ ስደትን ሓሳረ-መከራን ተናጊፉ፡ "ሕረስ ሓረስታይ፡ ንገድ ነጋዳይ" ዝብል ሃዋህው ክነግስ፡ እዚ ጉባኤ'ዚ ዝለዓለ ሓላፍነት ወሲዱ፡ ንህዝብና ዘርብሕ መደባትን ውሳኔታት ሒዙ ንኽወጽእ ተስፋ እገብር።

ኣብ መደምደምታ፡ ነቶም ኩሎም ነዚ ጉባኤ'ዚ ንምድላው ብኣካል ይኹን ብሞራል፡ ከምኡ ውን፡ ብገንዘብ ዝተሓባበሩ ኣባላት ከየመስገንክዎም ክሓልፍ ኣይደልን። ብተወሳኺ፡ ነቲ ብኢህወደግ ዝምራሕ መንግስቲ ኢትዮጵያ፡ ጉባኤና ኣብ ሃገሩ ንኸንገብር ዘፍቀደልና፡ ብስመይን ብስም መሰረታት ዞባ ማእከላይ ምብራቕን ዝለዓለ ምስጋናይ ኣቕርብ።

ጽን ኢልኩም ስለዝሰማዕኩምኒ የቐንየለይ

6ኡ ሃገራዊ ጉባኤና፡ ብጽንዓት መሰረታትና ዝተነድቀ ነቕ ዘይብል ጽኑዕ እምነ-መሰረት ኢዩ!!

ስውኣትና ዝገደፉልና ሕድሪ፡ ኣብ 6ይ ሃገራዊ ጉባኤና ከነዐውቶ ኢና!!